Folkhälsomyndigheten

# ኣብ እዋን ጥንሲ ገዛእ-ርእስኽን ውላድካን ካብ ረኽሲ ተኸላኸሊ

ነፍሰ-ጾር ዝኾንኪ፡ ድሕነት ገዛእ-ርእስኽን ውላድክን ንምሕላው፡ ክታበት ቲኽቲኽታን እንፍሉወንዛን ክትክተቢ ይምከር። እቲ ክታበት ኣብ ኩለን ዞባታት፡ ብነጻ ይወሃብ። ህጻን ድሕሪ ምውላዱ ካብ ኣርኤስ-ቫይረስ ክከላኸለሉ ዝኽእል መድሃኒት እውን ኣሎ።

## ምከላኸሊ ካብ ቲኽቲኽታ

ቲኽቲኽታ፡ ንነኣሽቱ ህጻናት ብኸቢድ ክሓሙ ክገብር ይኽእል እዩ። እቲ ቲኽቲኽታ ድሕሪ ሓደ ወይ ውን ክልተ ሳምንታት ኣዝዩ ጽዑቕ ብምዃን፡ ናብ ኡሑእታ ተቐይሩ፡ ህጻን ክስዕል ጸኒሑ ምስኣዕረፈ፡ ትንፋስ ከምዝሓጽሮ ክገብር ይኽእል። እዚ ሕማም እዚ ኣዝዩ ተላባዒ ኮይኑ፡ ንህጻናት ንሞት ከቃልዖም ውን ይኽእል እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣባጽሕ ቅልል ዝበለ ምልክታት-ሕማም ዘርእዩ እኳ እንተኾኑ፡ እቲ ሕማም ንነዊሕ እዋን ዝጸንሕን ኣሸጋርን ሰዓል ከስዕብ ይኽእል። እዚ ኸኣ፡ ንዕሸላት ከይገደፈ፡ ንኻልኦት ናይ ምልካም ስግኣታት የኸትል። ባክተርያ-ቲኽቲኽታ፡ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ዳሕረዋይ ክፋል ሓጋይን ቀውዒን ዘስፋሕፍሕ ኮይኑ፡ ኣብ ዝኾነ ክፋል ዓመት ክቕልቀል ግን ይኽእል እዩ።

ነፍሰ-ጾር ምስእትኾኒ፡ ኣበየናይ እዋን ዓመት ይኹን ብዘየገድስ፡ ንነብስኽን ዕሸልክን ካብ ሕማም ትኽቲኽታ ንምክልኻል፡ ድሕሪ መበል 16 ሰሙን-ጥንሲ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ክታበት ክትወስዲ ንመክር። ዕሸል ብመገዲኺ ኣቢሉ`ዩ ካብ ቲኽቲኽታ ዝከላኸል፡ ጸረ-ጓና ኣካል ዝወሃቦ። እቶም ጸረ-ጓና ኣካል ነቲ ህጻን ካብ ዝውለድ ኣትሒዙ ክሳብታ ብዕድመ 3 ወርሒ ምስ ኣቕኣጸረ ኣብ ክሊኒክ ህጻናት ክታበት ኣንጻር ቲኽቲኽታ ዝወሃቦ፡ካብቲ ሕማም ይከላኸሉሉ።

## መከላኸሊ ካብ ኢንፍሉዌንዛ

ወቕታዊ-ኢንፍሉወንዛ፡ ንነብሰ-ጾር ዝኾንኪ፡ ከቢድ ረኽሲ ከስዕበልኪ ይኽእል እዩ። ቫይረስ-ኢንፍሉዌንዛ ኣውራ ኣብ እዋን ጽድያን ክረምትን ስለዘስፋሕፍሕ፡ ነፍሰ-ጾራት ወቕቲ ጽድያን ክረምትን ከይኣተወ እንከሎ እየን ኣንጻር ኢንፍሉዌንዛ ዝቐንዐ ክታበት ክወስዳ ይምከር። እቲ ክታበት ነቲ ሓድሽ ዝተወልደ ህጻን እውን ብመጠኑ ካብ ኢንፍሉወንዛ ይከለኸለሉ እዩ። እቲ ክታበት፡ ነቲ ሓድሽ ዝውለድ ህጻን እውን፡ ብመጠኑ ካብ ኢንፍሉወንዛ ይከላኸለሉ እዩ።

## መከላኸሊ ካብ ኮቪድ-19 ንተኣፈፍቲ ጉጅሌታት

ኮቪድ-19 ነቶም ከም ሕማም ልቢ ወይ ሳንቡእ ዝኣመሰሉ ሕማማት ዘለዎም ተኣፈፍቲ ኢልና እንጽውዖም ጉጅሌታት፡ ብኸቢድ ሕማም ከስንፎም ይኽእል። ኮቪድ-19 ኣውራ ኣብ ወቕቲታት ቀውዕን ክረምትን እዩ ዘስፋሕፍሕ። ስለዚ ምስዞም ተኣፋፍቲ ጉጅሌታት እትቝጸሪ ነፍሰ-ጾር ምስእትኾኒ፡ ወቕቲታት ቀውዕን ሓጋይን ቅድሚ ምእታዉ፡ ጸረ ኮቪድ-19 ክትክተቢ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ክታበት ነቲ ሓድሽ ዝተወልደ ህጻን እውን ብመጠኑ ካብ ኮቪድ-19 ይከላኸለሉ። ነተን ምስ ተኣፈፍቲ-ጉጅሌታት ዝቑጸራ ነፍሰ-ጾራት እቲ ክታበት ኣብ እዋን ጥንሲ ብሙሉኡ ክወሃበን ይኽእል።

## መከላኸሊ ካብ ኣርኤስ-ቫይረስ

ኣርኤስ-ቫይረስ፡ ብፍላይ ንነኣሽቱ ህጻናት ከሽግሮም ዝኽእል ረኽሲ መስኖታት-ምስትንፋስ የስዕብ። ድሕነት ዕሸላት ካብ ኣርኤስ-ቫይረስ ንምክልኻል፡ ነቶም ኣብ ወቕቲታት ጽድያን ክረምትን ዝውለዱ ዕሸላት፡ ኣብ ክፍሊ መዋልዳን መከላኸሊ ጸረ-ጓና ኣካላት ይወሃቦም። እቶም ጸረ-ጓና ኣካላት ኣንጻር ሓደገኛ ዝኾነ ሆስፒታላዊ ክንክን ዘድልዮ መልከፍቲ ኣርኤስ-ቫይረስ ዝቐንዐ፡ ልዑል ምክልኻላዊ ውጽኢት ኣለዎ. ልክዕ ከምቲ ጸረ-ጓና ኣካላት ጌርካ ዝወሃብ ክታበት ዝህቦ ውጽኢት ዘለዎ፡ ንዕሸል ውን ካብቲ ቫይረስ ዝከላኸል፡ ንነፍሰ-ጾራት ዝወሃብ ክታበት-ኣርኤስ ውን ኣሎ። እቲ ንነፍሰ-ጾራት ዝወሃብ ክታበት-ኣርኤስ፡ኣብዚ እዋን ኣብ ሽወደን ብነጻ ዝወሃብ ኣይኮነን።

## እቶም ክታበታት ንዓኽን ንውላድክን ውሑሳት እዮም

ኩሎም`ቶም ኣብ ሽወደን ዝወሃቡ ክታበታት፡ ጽቡቕ ገይሮም ዝተፈተኑን፡ ኣድማዕትን ንዓኺ ይኹን ንዕሸልኪ ውሑሳት ዝኾኑን፡ እዮም። ከበድቲ ጐድናዊ ሳዕቤናት ክስዕቡ ምርኣይ፡ኣዝዩ ሳሕቲ ዝኾነ ተርእዮ እዩ።

ካብ ሕማም 100% ዝከላኸለልካ ክታበት፡ የለን። ክታበት ተኸቲብኪ ከተብቅዒ፡ ግዳይ መልከፍቲ ምስእትኾኒ፡ እቲ ሕማም ዘስዕቦ ሳዕቤን፡ ምስ ዘይተኸተብኪ ምስእትኾኒ ክነጻጸር እንከሎ፡ ኣዝዩ ፍኹስ ዝበለ ክኸውን ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

ዘሎ ክታበታትን እቶም ሕማማት ብኸመይ ከምዘስፋሕፍሑን ምፍላጥ ንጎኒ ገዲፍካ፡ጽሬት ኣእዳው ምሕላው ኣገዳሲ እዩ። ኣእዳውካ ብማይን ሳሙናን ክትሓጽቦ ወይ ድማ መንጽሂ-ኢድ ፈሳሲ (ወይ ካልእ መከላኸሊ ረኽሲ ናይ ኢድ) ክትጥቀም ትኽእል። ብኸምዚ ኸኣ፡ ንነብስኽን ውላድክን ንሕማም ክትቃልዑ ዘሎ ስግኣታት መሊሱ ከምዝቕንስ፡ ትገብሪ።

ነዚ ክታበታት ዝምልከት ሕቶታት ምስዝህልወኪ፡ ምስ መሕረሲትኪ ወይ ክሊኒክ-ጥዕና ክትዘራረቢ ትኽእሊ።

Skydda dig och ditt barn mot infektioner under din graviditet (Tigrinja)
Folkhälsomyndigheten 2025. Artikel 25089-8
www.folkhalsomyndigheten.se